# ዕዉት በዓል ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀኣንስትዮ ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ቡፐርታል

ብዓል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ ኣንስትዮ፡ ብኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ቡፐርታልን ከባቢኣን ዝተዳለወ፡ ኣብ ከተማ ቡፐርታል (ጀርመን) ብኤርትራውያንን ፈተውቶምን ካብ ከተማታት ቡፐርታል፡ ከለን ፡ ሙንሽንግላድባኽ፡ ኤሰን፡ ድሰልዶርፍ ክረፈልድን ከባቢን ዝተሳተፉሉ፡ "ድርብ ቃልሲ ንምስዋድ ሃገራዊ መኽተ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብቐዳም ዕለት 06.03.2010፡ ናብ ዕለት 07.03.2010 እተውግሕ ለይቲ፡ ብፍልይን ክብ ዝበለን ድምቀት ተኽቢራን፡ ተዘኪራን ሓዲራ ።

መደብ በዓል ፡ ብዝኽሪ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት ፡ ብኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ቡፐርታልን ከባቢኣን ወ/ሮ ደመት ስምኦን ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብምትሕልላፍ ፡ ኤርትራዊያን ደቀ ኣንስትዮ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ጊዜ ሰውራዊ ቃልሲ ንሃገራዊ ሓርነት ዘመዝገብኦ ታሪኻውን ጅግንነትውን ቅያታት ፡ ንማዕርነተንን ሰብኣዊ መሰላተንን ክብርታተንን ምቅላስ ፡ ድሕሪ ናጽነት እንተኾነ'ውን ኣብ ምህናጽ ሃገርን ቁጠባዊ ሓርነትን ምክልኻል ሃገርን ይምክታ ከምዘለዋን ብምግላጽ ፡ ነቲ በዓል ዝምልከት ሰፊሕ መግለጺን ናይ ዮሃና መእልኽቲን ኣተሓሳለፈት ።

ቀጺሉ ኣካየድቲ ኣካላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ቡፐርታልን ከባቢኣን ምስ ዕዙዛት ተሳተፍቲ በዓል፡ ናይ እንቋዕ ደስ በለና ሻምፓኝ ብምኽፋት ፤ ናብቲ ተዳልዩ ዝነብረ ናይ ምዝንጋዕን እኽለማይን መደብ ምውሳእ ተጀመረ። ኣብ መደብ ዝተኻፈሉ ሕጻናትን መንእሰያትን ዓበይቲን ኣባላት መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከለንን (YPFDJ Köln) ነቲ ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ዘዳለውኦ ባህላዊን ሃገራውን ፕሮግራም በብዝተመደቦ ብተወፋይነትን ብተገዳስነትን ክዋስኡ ከሎው ፤ ወናም ድምጻዊ ሃብቶም ምሓሪ ካብ ሆላንድ ነቲ በዓል ብዘመናዊን ባህላዊን ደርፍታትን ሙዚቃን ብምድማቕ ፡ በዓል ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ኣብ ከተማ ቡፐርታል ብሕጉስ መንፈስን ተዛዘመ።

ክብርን መጎስን ንኹለን ህሉዋትን ሰውኣትን ጀጋኑን

ኣብነታውያንን ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ! !

ዓወት ንሓፋሽ !!

ቡፐርታል 10.03.2010

ሃ.ማ.ደ.ኤ. ቡፐርታልን ከባቢኣን